**ተወሳኺ ሓበሬታት**

መማህራንን ሓለፍቲ ቤት ትምርትን
ምምሕዳር መባእታን ማእከላይን ቤት ትምህርቲ Solothurn

ኣብ vsa.so.ch ይርከብ፡፡
– ወረቐት  ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት
– ሰፊሕ ጥራዝ ሓበሬታ ብቋንቋ ጀርመን



***Volksschulamt***
*Kreuzackerstrasse 1*
*4502 Solothurn*
*Telefon 032 627 29 37*
*vsa@dbk.so.ch*
*vsa.so.ch*

42564 5/22 tigrinya

# ካልኣይ ደረጃ 1 (Sekundarstufe I)

**3, ዙርያ**
1.–3. ክፍሊ ናይ ካልኣይ ደረጃ

ድሕሪ ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ይስዕብ። ነቲ ዝተጀመረ መስርሕ ትምህርቲ ከኣ የቐጽል። ኣብኡ መንእሰያት ወይ ንናይ ሞያ ስልጠና ወይ ከኣ ንዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ይዳለዉ። ቤት ትምህርቲ ንመንእሰያትን መዕበይቶምን ኣብ መስርሕ ምምራጽን ምውሳንን ሞያ ደገፉ ይህብ። ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ነፍሲ ወከፍ ተመሃሪትን ተመሃራይን ናይ ምቕጻል ተኽእሎታት (ሞያዊ ስልጠና ወይ ዝለዓለ ትምህርቲ) ናይ ምርካብ ዕድል ክህልዎ ይግባእ።

**ካልኣይ ደረጃ ሰለስተ ዓመታት ይውድእ። ኣብ ሰለስተ መድረኻት ጠለብ ዝተመቕለ ከኣ እዩ።**

**Sek B:** መሰረታዊ መድረኽ ጠለብ ንሞያዊ ስልጠና ምድላው
**Sek E:** ብርኽ ዝበለ መድረኽ ጠለብ ንሞያዊ ስልጠና ምድላው (ምስ ወይ ብዘይ ምውዳእ ሞያዊ ትምህርቲ (Berufsmatur)) ወይ ከኣ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ሞያ (Fachmittelschule)
**Sek P:** ናብ Gymnasium ዘሳግር ናይ ክልተ ዓመት ልዑል ምድላው

**ግዴታዊ ናይ መባእታን ማእከላይን ቤት ትምህርቲ ምውዳእ**

ተመሃሮ ድሕሪ ምፍጻም መባእታን ማእከላይን ቤት ትምህርቲ ዝወድኡሉ ምስክር ወረቐት ይወሃቦም። ኣብኡ ዝተበጽሐ ደረጃ ነጥቢታት ይርኣይ።

# ሓላፍነታት

ሓለፍቲ ቤት ትምህርትን መማህራንን ወለድን ኣብ ጉዳያት መዕበያን ትምህርትን መተዓይይቲ ምኺኖም ይርድኡ። ናይ ህጻን ደሓን ከኣ ከም ልዕሊ ኩሉ ኮይኑ ይውሰድ። ናይ ቤት ትምህርትን ወለድን ሓቢርካ ምስራሕ ንምዕባለን ዓወትን ተመሃሮ ጠቃሚ እዩ። ንጹርን ስሩዕን ምትሕብባር ምልክት ናይ ብሉጻት ቤት ትምህርቲታት እዩ። ንውሳነ ኣገደስቲ ጉዳያት ቤት ትምህርትን ወለድን ሓቢሮም ይመኸሩ።

ቤት ትምህርትን መማህራንን ምምሃር ዘተባብዕ ሃዋህው ኣብ ምፍጣር፣ ፍልጠት ኣብ ምሃብ፣ ስሩዕ ኣካይዳ ቤት ትምህርቲ ንኸህልው ኣብ ምርግጋጽ ይተግሁ። ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ኣገደስቲ ፍጻመታት ቤት ትምህርቲ ንወለዲ ይሕብር፥ ንናይ ወለዲ ሓበሬታን፣ ትዕዝብትን ትጽቢታትን ስክፍታ ብዛዕባ ምዕባለ ደቆምን ብርዝነት ርእዩ ይቕበል። ናይ ቤት ትምህርቲ ኣገልግሎት ጉዳያት ስነ ኣእምሮ (Schulpsychologische Dienst) ንቤት ትምህርትን ወለድን ከገልግል ቅሩብ እዩ።

ተመሃሮ ናይ ዓሰርተው ሓደ ዓመታት (ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ሳልሳይ ክፋል ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ) ክከታተሉ ግዴታ ኣለዎም። ኣብ ናይ ሓቢሮም ምንባርን ምክትታል ትምህርቶምን ሕጊታት ቤት ትምህርቲ የኽብሩ።
ተመህሮ ኣብ ርእሶም ክኢሎም ምስራሕ እናሓየሉ፣ ኣብ ትምህርቶምን ተግባራቶምን ከኣ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓላፍነት ምውሳድ ደረጃ እናወሰኸ ይኸይድ። ብወለዶምን መማህራኖም እናተደገፉ ኣብ መስርሕ ምሕራይ ሞያ ይዳለዉ።

ወለዲ ንደቆም ኣብ ጉዕዞ ትምህርቶምን መስርሕ ምሕራይ ሞያን ይድግፉ። ደቆም ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ እውን ንምምሃር ዝበቅዕ ጽቡቕ ኩነታት ከም ዝረኽቡ ይሓልዩሎም። ምስ መማህራን ሓቢሮም እናሰርሑ ነቶም መንእሰያት ስርዓት ቤት ትምህርቲ ምእንቲ ክሕልዉ የተባብዕዎም። ሓደ ካብኡ ኸኣ ተምሃሮ ካብ ትምህርቲ ከየብኮሩ ትምህርቶም ከም ዝከታተሉ ምግባር እዩ። ወለዲ ቤት ትምህርቲ ሓበሬታ ኣብ ዝህበሉ እዋናት ክርከቡ ትጽቢት ይግባረሎም። ኣብ ጉዳይ ሕቶታት፣ ንጹር ብዛዕባ ዘይኮነ ነገራትን ተገዳስነት ዘድልዮ ጉዳይ መዕበያን ብናይ ገዛእ ርእሶም ተበግሶ ምስ ናይ ክፍሊ መማህራን ክራኸቡ ይግባእ። ምስ መማህራን ንዘህልው ግርጭት ምስ ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ምዝርራብ የድልይ።

ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ኣብ ኮምኩም ትርከብ ቤት ትምህርቲ እናተሓጎሱ ደቂቕ ሓሬታ ክህብኹም ድልዋት እዮም።

*KANTON* ***solothurn***

***Volksschulamt***

# ናይ መባእታን ማእከላይን ቤት ትምህርቲ (Volksschule) ሓጺር መግለጺ



# ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ቃል

## ናብ መባእታን ማእከላይን ቤት ትምህርቲታት Solothurner

ናይ ካንቶን Solothurn መባእታን ማእከላይን ቤት ትምህርቲ (Volksschule) ንህጻናትን መንእሰያትን ሰፊሕ ሓፈሻዊ ፍልጠት ኣብ ምሃብን ናይ ርእሲ ምኽኣል ባህርያት ምምዕባልን ይድግፍ።

እዚ እጃም ዕዮዚ ምእንቲ ከማላእ ቤት ትምህርቲ ናይ ምሉእ ማሕበረ ሰብ ደገፍ የድልዮ። ናይ ቤት ትምህርትን ወለድን ሓባራዊ ስራሕ ንዓወትን ምዕባለን ተመሃራይ ኣድላዪ እዩ።

ንህጻናትን መንእሰያትን ኣብ መጻኢ ጉዕዞ ትምህርቶምን ሞያኦምን ጽቡቕ ትምኒተይ እገልጸሎም።

*Andreas Walter*

ሓላፊ ናይ መባእታን ማእከላይን ቤት ትምህርቲ (Volksschule) ምምሕዳር



# ብዛዕባ ቤት ትምህርቲ

## Solothurner ክፍለጥ ዝግባእ

ነፍሲ ወከፍ ህጻን ናብ መባእታን ማእከላይን ቤት ትምህርቲ (Volksschule) ክኣትው መሰልን ግዴታን ኣለዎ። መባእታን ማእከላይን ቤት ትምህርቲ (Volksschule) መዋዕለ ህጻናት፣ መባእታውን ካልኣይ ደረጃን ዘጠቓለለ እዩ። ዓሰርተው ሓደ ዓመታት ዝውድእን፣ንኹሉ ብናጻ ዝወሃብን ከኣ እዩ። ኣብኡ ንህጻናት ናብ ናይ ሞያ ትምህርቲ ወይ ከኣ ዝለዓሉ ቤት ትምህርቲታት ዘሳግሮም መሰረታዊ ትምህርቲ ይወሃቦም። ንደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዝወሃብ ቀረባትን ናይ ብቑዓት ዕላማታትን ማዕረ እዩ። ዓመተ ትምህርቲ ኣብ ፍርቂ ሻምናይ ወርሒ ይጅምር ኣብ መወዳእታ ሻብዓይ ወርሒ ከኣ ይውዳእ።

መባእታን ማእከላይን ቤት ትምህርቲ (Volksschule) ብሓላፍነት ካንቶንን (Kanton) ኮማትን (Gemeinden) ወለድን ዝካየድ ዕዮ እዩ።

ኣብ ርእሲ ልሙድ ትምህርቲ ተወሳኺ ሓገዝ ንዘድልዮም ተመሃሮ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዝኸውን ፍሉይ ቀረብ ኣሎ። ንጉድለት ብተወሳኺ ደገፍ ምምዕራይ ቅቡል ነገር እዩ። ኅደሎነት ንዘለዎም ህጻናት ተጠቀምቲ ፍሉያት ቤት ትምህርቲታት ንኽኾኑ ዘኽእሎም ቀረባት ይግበረሎም።

# ናይ መባእታ ደረጃ



**1, ዙርያ**
1./2. መዋዕለ ህጻናትን 1./2. ክፍሊ መባእታ ቤት ትምህርትን

ህጻናት ራብዓይ ዓመት ዕድመኦም ምስ ወድኡ ናብ መዋእለ ህጻናት ይኣትዉ። ከም ልሙድ ኣብ ዝነብሩሉ ቦታ ኣብ ዝርከብ መዋእለ ህጻናት ይኣትዉ። ወለዲ ምስ ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ውላዶም ሓደ ዓመት ደንጉዩ ብዛዕባ ክጅምረሉ ተኽእሎ ፍሉይ ፍቓድ ክዘራረቡ ይኽእሉ። ኣቐዲምካ ምጅማር ግን ኣይከኣልን።

ኣብ መዋእለ ህጻናት፣ ህጻናት ኣብ ኩሉ ዓውዲታት ምዕባለ ይድገፉ። ርእሶም እናኸኣሉ ይኸዱ፣ ምስ መሳትኦም ተሓዊሶም ናይ ሓባር ኣስተዋጽኦ ከም ዘበርክቱ ይርድኡ።

ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ክፍሊ ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ ተመሃሮ ደቂ ኣንስትዮን፣ ደቂ ተባዕትዮን ከም ምንባብ፣ ምጽሓፍ፣ ዕዮታት ቁጽርን ዝኣመሰሉ መሰረታውያን ክእለታት የጥርዩ። ንኽባቢኦም ከኣ ይድህሰሱ።



**2, ዙርያ**
3.–6. ክፍሊ ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ።

ኣብ ካልኣይ ዙርያ፣ ህጻናት ኣብ ሰፊሕ ናይ ፍልጠት ዝርጋሐ ምሉእ ደገፍ ይረኽቡ። ካብ ሳልሳይ ክፍሊ ጀሚሮም ቋንቋ ፈረንሳ፣ ካብ ሓምሻይ ክፍሊ ጀሚሮም ከኣ ቋንቋ እንግሊዝ ይመሃሩ።
ውጽኢታት መርመራ ዓይነት ትምህርቲታት ብነጥቢታት ይምዘኑን ኣብ ምስክር ወረቐት ይምዝገቡን። ውጽኢታት ዕዮን መጽናዕትን፣ ጠባይን እውን ተመዚኖም ኣብ ምስክር ወረቐት ይስነዱ።

ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ብዘይ ገለ ነገር ብቐጥታ ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ይሕለፍ። እቶም ህጻናት ብመሰረቱ ናብ ዝቕጽል ክፍሊ እዮም ብዘይ ገለ ነገር ብቐጥታ ዝሰግሩ።

ናብ Sekundarstufe I ናይ ምስጋር (ምሕላፍ) መስርሕ ብካንቶም ይውሰን።



# ሓጺር መግለጺ ብዛዕባ መስመራት ተሳትፎ ትምህርቲ

ኣብ ካንቶን Solothurn ህጻናትን መንእሰያትን ከከም ክእለቶምን ዝንባለኦምን ምምዕባል ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ ቀረባት ትምህርቲ ኣለዉ። ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ ጸሚቑ ይገልጾ።

ኅደሎነት ንዘለዎም ህጻናትን መንእሰያትን ዝኸውን ፍሉይ ትምህርታዊ ቀረብ ኣሎ።



